Tigrinya

# ብሎካት

## (Blocks)

## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት

(Talking activities with toys)

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ

(Talk about what you and your child are doing)

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቋ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወተሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቛንቋኡ ንኽሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትኑዎም።

### ምስ ህጻን ውሉድኩም

(With your baby)

- ንውሉድኩም ብሎካት ከጋጭዉ ኸለዉ ቕድህዎም። “ግጭው፣ ግጭው፣ ግጭው”፣ በሉ። እንታይ ከም ዝገብሩ ኽትርእዩ ተጸበዩ። ኽርእዩ፣ ኪንቀሳቐሱ፣ ኪስሕቁ፣ ፍሽኽ ኪብሉ፣ ድምጺ ኽሰምዑ፣ ወይ ከኣ ነቲ ብሎካት ኺጋጭዉ ይኽእሉ እዮም። ንውሉድኩም ደጊምኩም ቕድሕዎም።
- ንውሉድኩም ምእንቲ ኽፍርሶ ግምቢ ህነጹሎም። ክትሃንጽዎ ኸለኹም "ንላዕሊ፣ ንላዕሊ፣ ንላዕሊ" ውልድኩም ከፍርሶ ከሎ ድማ “ንታሕቲ ውደቕ” በሉ። እንደገና ግበርዎ። ኣብ ፈለማ ንውሉድኩም ኽትሕግዙ የድልየኩም ይኸውን፣ እዚ ኸኣ ጸገም የብሉን።

### ምስ ብእግሪ ክኸድ ዝጀመረ ቖልዓ

(With your toddler)

- ኣብ ጥቓ እቲ ቖልዓ ናይ ዓርስኹም ግምቢ ህነጹ። ክትእክብዎ ከለኹም "ዝያዳ ሕንጻታት" ወይ "ነቲ ግምቢ ህነጾ" በሉ። ኽፍርስዎ ኸለዉ "እቲ ግምቢ ፈሪሱ" ወይ "ወዲቑም" በሉ። "ነቲ ግምቢ ኸም ብሓድሽ ክትሃንጾ ትደሊዶ?" ኢልኩም ሕተቱ። እንታይ ከም ዝብሉ ኽትርኢዩ ተጸበዩ።
- ዓያሹ ኣምስሉ። ኣብ ርእስኹም ነቲ ብሎክ ግበሩ እሞ፣ "ኣብ ርእሰይ" ወይ "እቲ ብሎክ ኣበይ ኣሎ?" በሉ። ውሉድኩም እንታይ ከም ዝገብሩ ክትርኢዩ ተጸበዩ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቖልዓ

(With your preschooler)


- ማካይን፣ ኣባይቲ ወይ ውሉድኩም ዚፈትውዎ ዘበለ ዝኾነ ነገር ህነጹ። ብዛዕባ ግዝፍታት፣ ሕብርታት፣ ቅርጽታትን ብሎካትን ተዘራረቡ። ንእሽቶ፣ ዓባይ፣ ሰማያዊት፣ ከበብቲ ወይ በሊሕ ጫፍ ዘለዋ ትደልዩ እንተ ኾይንኩም ሕተቱ።
- ሓደ ነገር ምስ ሃነጽኩም፣ ምስ ውሉድኩም ኣምሲልኩም ተጻወቱ። ብዛዕባ እቲ ኣምሲልኩም እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ።

እዞም ሓሳባት እዚኦም ኣብ ከም ንኣሽቱ ሳጹናት፣ ብፕላስቲክ እተሰርሐ መትሓዚታት፣ ወይ ኩባያታት ዝዓመሰሉ ደው ክብሉ፣ ክእከቡ ከምኡውን ክወድቑ ዝኽእሉ ካልኦት መጻወቲታት ወይ ነገራት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ

(Where to get help)

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ተምሃሩ።



ንዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤
myhealth.alberta.ca/Topic/Pediatric-Rehabilitation/Pages/Talk-Box-Tigrinya.aspx

እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾኖ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

እዋናዊ ካብ ዕለት፦ ፈብሯሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)

Alberta Health Services